# ናይ ሓበሬታ ወረቐት

## ብዛዕባ መከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 (**Co**rona **Vi**rus **D**isease 20**19**)

## – ምስ mRNA-ነገራት ክታበት –(ኮሚርናቲ(Comirnaty)®ካብ ባዮንቴክ BioNTech/ፋይዘርPfizer ከምኡውን ናይ ኮቪድ-19 ክታበትሞዴርና® ካብ ሞዴርና)

መርገጽ፡- 1 ሚያዝያ 2021 (እዚ ቅጥዒ መግለጺ ብቐጻሊ ይሕደስ ኣሎ)

ስም ናይ'ቲ ክኽተብ ዘለዎ ሰብ፥
(በይዘኦም ይሓትምዎ)

ዕለት ልደት፡-

**COVID-19 እንታይ እዩ?**

ኮሮና ቫይረሳት ብውሕዱ ን ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ዝፍለጡ እዮም። ድሕሪ 2019/2020፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ሓድሽ ኮሮና ቫይረስ ይዝዋወር ኣሎ፣ እዚ ድማ SARS-Coronavirus-2 (SARS-CoV-2) ዝበሃል ኮይኑ መልዓሊ ሕማም ኮቪድ-19 (Corona Virus Disease 2019) እዩ።

ካብቶም መብዛሕቲኡ ግዜ ዝረኣዩ ምልክታት ሕማም ናይ ኮቪድ-19 ደረቕ ሰዓል፣ ረስኒ፣ ሕጽረት ምስትንፋስ ዝጥቀሱ ኮይኖም ከምኡ'ውን ግዝያዊ ስእነት ናይ ምሽታትን ብተወሳኺ ምስትምቓርን እውን ዝሓውሱ እዮም። ዋላ ሓፈሻዊ ስምዒት ሕማም ምስ ቃንዛ ርእስን መሓውርን፣ ቃንዛ ገሮሮ ከምኡ'ውን ሰዓል ብተሓከምቲ ይግለጽ እዩ። ተሓከምቲ ብዛዕባ ናይ ከብድን መዓንጣን ጸገማት፣ ኲልመት ከምኡ'ውን ሕበጥ ሊምፍታት ሰሕቲ ይሕብሩ። ብድሓር ክመጹ ዝኽእሉ ጉድኣታት ኣብ ስርዓት መትንታት ወይ መትኒ-ልባዊ ስርዓት ከምኡ'ውን ንውሕ ዝጸንሑ ኣከያይዳታት ሕማም ይከኣሉ እዮም። ሽሕ'ኳ እቲ ኣከያይዳ ናይ'ቲ ሕማም ዝበዝሕ ግዜ ቅልል ዝበለ እንተኾነ ከምኡ'ውን መብዛሕትኦም ሕሙማት ብምልኡ ዝሕውዩ እንተኾኑ፣ ክብድ ዝበሉ ኣከያዳታት ንኣብነት ምስ ነድሪ ሳንቡእ ብዝተሓሓዙ ጉዳያት ክሳብ ሞት ክበጽሑ ወይድማ ከኸትሉ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ መንጎ ምውጋድ ለበዳ ብምኽታል ሕጋጋት AHA + A + L (ርሕቐት ምሕላው፣ ጽሬት ምሕላው፣ መዓልታዊ ማስክ ምግባር(መሸፈኒ ገጽ ብቐጻሊ ምዝውታር)፣ ናይ ኮሮና መጠንቀቕታ መተግበሪ ካብ ኢንተርኔት ምውርዳ ፣ ኩሉ ግዜ ምንፋስ) እቲ ክታበት ዝበለጸ ምክልኻል ካብ ሓደ ሕማም ይህብ እዩ።

**እንታይ ዓይነት ክታበት እዩ?**

ብዙሓት ዓይነት ክታበታት ካብ ኮቪድ-19 ዝከላኸሉ ፍቓድ ተዋሂቡዎም ኣሎ ከምኡውን ብተመሳሳሊ ካብ ኮቪድ-19 ንምክልኻል ንነፍሲወከፍ ውልቀሰብ ሙቑእ ኮይኑ ብዓለም ቅቡልነት ዝረኸበ እዩ። እዞም ኣብዚ ዝግለጹ ዘለው mRNA-ኮቪድ-19 ባእታታት መሰረታውያን ክታበት (Comirnaty® ካብ BioNTech/Pfizer ከምኡ'ውን COVID-19 Vaccine Moderna® ካብ Moderna) ሓደ ብ ስነ-ጂን ህንደሳ እሞ ተመሳሳሊ ብዝኾነ ትጽቢት ዝግበረሉ ሓድሽ ተክኖሎጂ ተመርኲሶም ዝስርሑ ባእታታት ክታበት እዮም። ተወሰኽቲ ናይ mRNA ነገራት ክታበት ይምርመሩ ኣለው፣ ግና ሕጂ ገና ፍቑዳት ኣይኮኑን።

mRNA (ቦተን-RNA ወይ መልእኽቲ ዝሰድድ ሪቦኑ-ኣቺዶ) ናይ "ንድፊ" ፕሮቲን ኣብ ኣካላትና እዩ ከምኡ'ውን ምስቲ ሰብኣዊ DNA/ዲ.ኤን.ኤይ ዝብሃል ሓበሬታ ውርሻ ዝተኣሳሰረ ኣይኮነን። ኣብቲ ክታበት mRNA ክታበት ኣንጻር COVID-19 ናይ "ንድፊ" ንሓደ ንጽል መባእታ ቫይረስ (ስፓይክ-ፕሮቲን / Spikeprotein ይብሃል) ኣ እዚ

ናይ ኮቪድ-19 mRNA ክታበት እዚ ዝባዝሖ ናይቲ ቫይረስ ክታበት የብሎምን፡ እዚ ማለት ድማ እቲ ክታበት ቫይረስ ናብ ከልእ ሰብ ቫይረስ ኣየማሓላልፍን እዩ።

እቲ ኣብቲ ክታበት ተታሒዙ ዘሎ mRNA ድሕሪ ክታበት ኣብቲ  ሕነተ-ሰረት ናይ ደቂ ሰባት ሆርሞን ዝወሃሃድ ኣይኮነን  እንተኾነግን ኣብ ኣካላትና ድሕሪ ሓደ ክልተ መዓልትታት ክድምሰስ እዩ። ካብኡ ንየው ናይ ቫይረስ ፕሮቲን ኣይክፍጠርን እዩ።

እቶም ድሕሪ'ቲ ክታበት ካብ ኣካላት ናይቲ ዝተኸተበ ሰብ (ኣብ ናይ ጭዋዳ ዋህዮታት ኣብቲ ዝኸተበሉ ቦታ ከምኡ'ውን ኣብ ፍሉያት መከላኸሊ ዋህዮታት) ድሕሪ ምእታዎም፡ እቶም ዋህዮታት ባዕላቶም ፕሮቲናዊ ባእታ (spike protein) ስፓይክ ፕሮቲን የፍርዩ። እዞም ስፓይክ ፕሮቲን ካብቲ ዝተኸትበ ሰብ ይፈርዩ ኣለዉ ማለት እዩ። ኣብቲ ዝተኸትበ ሰብ ድማ ከም ስፓይክ-ፕሮቲናት ካብ ስርዓተ ምክልኻል ብያነ ከም ጓና ፕሮቲናት ይፍለጡ። በዚ መንገዲ እዚ ድማ ጸረ-ኣካላትን ናይ ተጻዋርነት ዋህዮታትን ኣንጻር'ቲ ስፓይክ-ፕሮቲን ናይቲ ቫይረስ ከምኡ'ውን መከላኸሊ ዋህዮታት ክቖሙ/ክፍጠሩ እዮም ወይ የማዕቡሉ። ብኸምኡ ዝከላኸል መልሲ ብያነ ተላዒሉ።

እቲ mRNA ዝተባህለ ባእታ ኣብቲ ክታበት ተታሒዙ ዘሎ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ካብ ኣካላት ሰብ ይበንን። ኣብዚ ኩነታት እዚ፡ ናይ ቫይረስ ፕሮቲን (ስፓይክ ፕሮቲን) ምፍራይ የቛርጽ።

## እቲ ባእታ ክታበት ብኸመይ እዩ ዝወሃብ?

እቲ ባእታ ክታበት ኣብ ላዕለዋይ ምናት ጭዋዳ ክውጋእ እዩ።  እቲ ትሕዝቶ/ባእታ ናይቲ ክታበት ክልተ ሳዕ ክወሃብ ኣለዎ። ወይ እኹል ዝኾነ መከላኸሊ ክታበት፡ እቲ ናይ ምክልኻል ክታበት ህሉው ኮሚተ ክታበታት ትካል ሮበርት ኮች Robert Koch Institute (STIKO) ኣብ መንጎ 1ይን 2ይን ክታበት ናይ 6 ሰሙናት ፍልልይ ግዜ ክህሉ ከምዘለዎ ይመክር። እቶም ክታበታት ክልቲኦም ካብ ሓደ ፋብሪካ ናይ መድሃኒት ዝተሰርሑ ክኾኑ ኣለዎም:::: ኣብቲ 2ይ ክታበት ልክዕ ከም ኣብቲ 1ይ ክታበት ዘሎ ማዕረ ዝኾነ ባእታ ክታበት ካብቲ ማዕረ ሰናዒ ክጥቀም ኣለዎ። ነቶም ትሕቲ 60 ዓመት ዕድመ ዘለዎም እሞድማ ኣብ ቀዳማይ ክታበት ካልእ ናይ ቫዘቭርያ(Vaxzevria)® ካብ ኣስትራዘኒካ (AstraZeneca) ወሲዶም ዝጸንሑ ብፉሉይ ኩነታት ክፍቀደሎም ይኽእል እዩ። ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት STIKO ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝሃቦ ምኽሪ እቲ ካልኣይ ክታበት ካብቲ ቀዳማይ ክታበት ማለት mRNA ዘለዎ (Comirnaty® from BioNTech/Pfizer ወይ ናይ  ኮቪድ-19 ክታበት ሞዴርና® ካብ ሞዴርና) ድሕሪ 12 ሰሙናት ክውሰድ ከምዘለዎ ይገልጽ።

## እቲ ክታበት ማዕረ ክንደይ ውጽኢታዊ እዩ?

እቶም ዝርከቡ ዘለው ባእታታት ናይ ኮቪድ-19-mRNA ኣብ ሓይሎም ከምኡ'ውን ኣብ መልስታት ክታበትን ጸገማትን ተመሳሰልቲ እዮም።

። ብመሰረት ክሳብ ሕጂ ተረጋጊጹ ዘሎ ኣፍልጦ እቶም ባእታታት ኮቪድ-19- mRNA ልዕል ዝበለ ዋሕስ ብገምጋም ክሳብ 95% ኣድማዕቲ ምዃኖም ተረጋጊጹ ኣሎ።oderna®) ይህቡ። ናይ መጽናዕቲ ሓበሬታ ዝስዕብ የርኢ፥ ካብ ኮቪድ-19 ምሕማም ኣብቶም ኣንጻር ኮቪድ-19 ዝተኸተቡ ሰባት ክሳብ 95%  ካብቶም ዘይተኸተቡ ሰባት ዝወሓደ ኔሩ። ብቕዓት ተኻላኻልነት  ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19  (እዚ ድማ ኣብ ሆስፒታል ንዝተዓቑቡ፡ ንኣብነት) 85% ነይሩ። እዚ ማለት ድማ፡ ሓደ ብባእታ ኮቪድ-19 ዝተኸተበ ሰብ ምስቲ መልዓሊ ርክብ እንድሕር ነይሩ፡ እዚ ክታበት ንኽንደይ ግዜ ከምዝከላኸል ግን ዝተረጋገጸ ነገር የለን።ዋላእኳ ተኸቲብኩም እንተኼንኩም፡ ነቶም ብኽፍሊ ጥዕና ናይ AHA + A + L ዝወሃቡ መምርሒታት ምኽባር ክትቅጽሉ ኣገዳሲ እዩ፡ በዚ መሰረት ድማ ንነፍስኹምን ከባቢኹምን ትከላኸሉ። መኽንያቱ ድማ ድሕሪ ክታበት ምውሳድ እቲ ምክልኻል ናይቲ ክታበት ቀልጢፉ ኣይጅምርን እዩ ከምኡድማ ኣብ ኩሎም ዝተኸትቡ ሰባት ሓደ ዓይነት ዝኾነ ኣድማዕነት ኣይኮነን ዘለዎ።

ብተወሳኺውን፡ ሰባት ወላ ተኸቲቦም ከለዉ ቫይረስ (SARS-CoV-2) ናብ ካልእ ሰብ ከመሓላልፉ ዝኽእሉ ምኺኖምን ዘይምኺኖምን ኣረጋጊጽካ ክትዛረበሉ ዝከኣል ኣይኮነን።

## ካብቲ ክታበት ናይ ኮቪድ-19 ብፍላይ ንመን እዩ ዘኽስብ?

ባእታታት ኮቢድ-19-mRNA ን16 ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝዕደሙ ሰባት (Comirnaty®) ወይ ነቶም ልዕሊ 18 ዝዕደመኦም ሰባት (ኮቪድ-19 Vaccine Moderna®) ፍቑዳት እዮም። ክሳብ እኹል ዝኾነ እኹል ነገራት ክታበት ጠለብ ኩሎም ሰባት ስለዘየለው፣ እቶም ዝስዕቡ ሰባት ቅድም ክኽተቡ ኣለዎም፥ ብፍላይ ልዕል ዝበለ መጠን ረኽሲ ወይ ክሳብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል ኣከይዳ ኮቪድ-19 ዘለዎም ሰባት (ን ኣረገቶት ሰባት ማለት'ዩ)፣ ብሰንኪ ስርሖም በቲ ረኽሲ ናይ ምልካፍ ዕድሎም ልዕል ዝበሎም ሰባት፡ SARS-CoV-2 ዘለዎም ሰባት፣ ወይ ብሰንኪ ስርሖም ብፍላይ ምስ ናይ ኮቪድ-19 ዝተደንገቱ ሰብ ርክብ ዘለዎም ሰባት።

## ክታበት ንመን ክወሃብ ኣይግባእን?

ኣብዚ ሕጂ ግዜ ገና ፍቓድ ናይ ባእታ ክታበት ዘይተወሃበሎም 15 ዓመት ዝዕድሚኦምን ካብኡ ንታሕቲ ዝኾኑ ንኣሽቱን ክኽተቡ የብሎምን።
ረስኒ ዘለዎ ከቢድ ሕማም ዘለዎ ሰብ (38.5°Cን ካብኡ ንለዓልን) ጥራይ ድሕሪ ሕውየት ክኽተብ ኣለዎ። ግን ሰዓል ወይ ቅሩብ ልዕል ዝበለ ዋዒ (ትሕቲ 38.5°C ዲግሪ) እንተሎ እቲ ክታበት ክግበር ይከኣል እዩ። ልዕለ ተኣፋፍነት ኣብ ገለ መባእታ ክታበት እንድሕር ኣሎ፣ ክኽተብ የብሉን፥ ዝኾነ ቁጥዐ/ኣለርጂ እንተዘለኩም ንሓኪም ክታበት ቅድሚ ምኽታብ ንገርዎ/ዋ ንላበወኩም። ድሕሪ 1ይ ክታበት ናይ ቁጥዐ ግብረ መልሲ (ኣናፊላክሲ) ዝነበሮ ሰብ ነቲ 2ይ ክታበት ክወሃብ የብሉን።

ናይ ተጻዋርነት ጸገም ዘይብሎም ሰባት፡ መልከፍቲ ኮቪድ-19 ከምዘለዎም ድማ ዝተረጋገጸሎም ሰባት ካብቲ ሕማም ድሕሪ ምሕዋዮም እንተቐልጠፉ ድሕሪ 6 ኣዋርሕ ወይ ድሕሪ ነጸሬታ ናይቲ ሕማም ሓንቲ ክታበት ናይቲ ሕማም ጥራይ ክኽተቡ ኣለዎም። ኣብዚ ሕጂ እዋን ነዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሰባት ካልኣይ ክታበት ኣብ ዳሕረዋይ እዋን ክወስዱ ከምዘድሊ ዝተረጋገጸ ነገር የለን። ብመሰረት STIKO ዝህቦ ምኽሪ፡ መልከፍቲ ናይ ኖቨል ኮረና ቫይረስ ዝተረጋገጸሎም ውልቀ ሰባት እቲ ቀዳማይ ክታበት ምስ ወሰዱ ነቲ ካልኣይ ክታበት እንተቐልጠፉ ድሕሪ 6 ወርሒ ድሕሪ መልከፍቲ ክወስድዎ ይግባእ። ኣብ ዝሓለፈ ግዜ መልከፍቲ ንዝነበሮ ሰብ፡ እቲ ክታበት ሓደጋ ከምዘስዕበሉ ግን ዝተረኽበ መርትዖ የለን

። እዚ ቅድሚ'ቲ ክታበት ምፍጻም ዝኾነ ሕክምናዊ ኣድላይነት የለን ማለት'ዩ።

ናይ ምጥቓም ባእታታት ኮቪድ-19-mRNA ኣብ ግዜ ጥንሲ ገና እኹላት ተመኩሮታት ኣይተቐረቡን። STIKO ብሓፈሽኡ ዓይነት ክታበት ናይ ኮቪድ-19 ብዘየገድስ ክታበት ኣብ ግዜ ጥንሲ ሕጂ ኣይመከርን እዩ። ኣብ ጉዳያት ናጽላታት ንብርቱዕ ኣከያይዳ ሕማም ኮቪድ-19 ልዕል ዝበለ ረኽሲ ዘለዎ፣ ቅድሚኡ ሕማም ዝነበረን ጥኑሳት ክታበት ክቐርበለን ይከኣል እዩ። ቅድሚኡ ግን ውልቃዊ ዝኾነ ሓደጋ-ጥቕምን ገምጋም ክግበር ከምኡ ድማ ሰፊሕ መግለጺ ብዛዕባ እቲ ሕማምን ክታበትን ምስ ተዋህበን ነቲ ክታበት ክወስድኦ የፍቅድ።
እታ ኣደ ኣብ ግዜ ምጥባው ክታበት ትገብር እንተኾነት ነቲ ናጽላ ብርእይቶ STIKO ተኽእሎ ረኽሲ የብሉን።

ቅድሚ ክታበት ምውሳድ፡ ንሓኪምኩም ናይ ደም ምርጋእ ጸገማት ወይ ናይ ደም ምርጋእ ፈውሲ ትወስዱ እንተኤርኩም ሓብርዎ። ቀሊል ጥንቃቐ ብምግባር ክትክተቡ ትኽእሉ ኢኹም። ትሑት ተጻዋርነት ዘለዎም ሰባት ነቲ ክታበት ክወስድዎ ይኽእሉ እዮም። እንተኾነግን ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት እቲ ክታበት ኣድማዒ ኣይከውንን። ብኽብረትኩም ናይ ቁጥዐ ኣካላት ጸገም እንተኣልዩኩም ወይድማ ድሕሪ ምኽታብኩም ናይ ቑጥዐ ኣካልት ምልክት እንተኣርኢኹም ንሓኪምኩም ግለጹሉ። እቲ ሓኪም ድማ ክታበት ክትወስዱ ዘይትኽሉሉ መኽንያት እንተኣልዩ ከጻሪ እዩ።

### ቅድምን ድሕርን ክታበት እንታይ ክገብር ኣለኒ?

ድሕሪ ቅድም ዝተገብረ ክታበት ወይ ብካልእ ስሪንጋ ወነኹም እንድሕር ኣጠፊእኹም ኣርኩም ወይ ቀጥታዊ ቁጥዐ እንተዘለኩም፣ እዚ ነቲ/ነታ ሓኪም ክታበት ቅድሚ ምኽታብ ንክትነግርዎ/ዋ ንላበወኩም። ሽዑ ንሱ/ንሳ ድሕሪ'ቲ ክታበት ምናልበት ንነዊሕ ግዜ ክዕዘበኩም ይ(ት)ኽእል።

ካብ ካልኦት ክታበታት ብውሕዱ 14 መዓልትታት ግዜ ኣፈላላይ ክህሉ ኣለዎ።

ድሕሪ'ቲ ክታበት ኣዕሪኹም ከተጥንቀቑ ኣየድልየኩምን።

ቃንዛታት ወይ ረስኒ ድሕሪ ክታበት እንተዘለኩም ("ኣየኖት መልስታት ክታበት ድሕሪ ምኽታብ ከጋጥሙ ይኽእሉ፡" ረኣዩ) ንቃንዛ/ረስኒ ዘግዱሉ መድሃኒታት ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ውልቀ ሓኪምኩም ብዛዕባኡ ክ(ት)መኽረኩም ይ(ት)ኽእል።

### ኣየኖት መልስታት ክታበት ድሕሪ ምኽታብ ከጋጥሙ ይኽእሉ?

ድሕሪ ክታበት ምስቲ ባእታታት mRNA ኣካላትና ምስቲ መባእታ ክራኽብ እንከሎ ከባብያውያንን ሓፈሻውያንን መልስታት ከልዕል ይኽእል። እዘም ግብረ መልስታት ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ውሽጢ 2 መዓልትታት ድሕሪ'ቲ ክታበት ከጋጥሙ ይኽእሉ ከምኡ'ውን ዝያዳ 3 መዓልትታት ሳሕቲ እዮም ዝጸንሑ። Comirnaty®፥ እቶም ብዝበዝሐ ዝተሓበሩ መልስታት ክታበት ኣብ ክሳብ ሕጂ ኣብ ናይ ምፍቃድ ጉዳይ መጽናዕቲ እዘም ዝስዕቡ ኔሮም፥ ቃንዛ ኣብ መወግኢ ቦታ (ካብ 80% ንላዕሊ)፣ ድኻም (ካብ 60% ንላዕሊ)፣ ቃንዛ ርእሲ (ልዕሊ 50%) ከምኡ'ውን ቃንዛ ጭዋዳታትን ናይ ምንቅጥቃጥን ጸገም ( ካብ 30% ንላዕሊ)፣ ቃንዛ መሓውር (ካብ 20% ንላዕሊ)፣ ረስኒ ከምኡ'ውን ሕበጥ ኣብቲ መወግኢ ቦታ (ካብ 10% ንላዕሊ)። ብዙሕ ግዜ (ካብ 1% ክሳብ 10%) ስግድግድን ምቕያሕን ኣብቲ መወግኢ ቦታ ኣጋጢሙ ነይሩ። ሓደሓደ ግዜ (ካብ 0.1% ክሳብ 1%) ሕበጥ ሊምፍታት፣ ምስኣን ድቃስ፣ ቃንዛ ኣብ ምናት ወይ እግሪ፣ ቀጨውጨው ከምኡ'ውን ምስሓይ ኣብቲ መወግኢ ቦታ ዘጋጥሙ እዮም።

ኮቪድ-19 Vaccine Moderna®፥ እቶም ብዝበዝሐ ዝተሓበሩ ግብረ መልስታት ክታበት ኣብ ናይ ምፍቃድ ጉዳይ መጽናዕቲ እዘም ዝስዕቡ ኔሮም፥ ቃንዛ ኣብ መወግኢ ቦታ (ካብ 90% ንላዕሊ)፣ ምድኻም (ካብ 70% ንላዕሊ)፣ ቃንዛ ርእስን ጭዋዳን (ካብ 60% ንላዕሊ)፣ ቃንዛ መሓውርን ምንቅጥቃጥ ቁርን (ካብ 40% ንላዕሊ)፣ ስግድግድ ወይ ምትፋእ (ካብ 20% ንላዕሊ)፣ ሕበጥ ወይ ስምዒት ቃንዛ፡ ሊምፍታት ኣብ ትሽቱሽ፣ ረስኒ፣ ሕበጥን ምስሓይን ኣብቲ መወግኢ ቦታ (ዝያዳ 10%)። ብዙሕ ግዜ (ካብ 1% ክሳብ 10%) ብዛዕባ ሓፈሻዊ ፍሮማይ ከምኡ'ውን ኣብቲ መወግኢ ቦታ ነድርን ምቕያሕ ወይድማ ሕማም ቈርበትን/ ኡርቲኮርያ ተሓቢሩ ኔሩ። ሓደሓደ ግዜ (ካብ 0.1% ክሳብ 1%) ናይ ምስሓይ ስምዒት ኣብቲ መወግኢ ቦታ ኣጋጢሙ ነይሩ።

እቶም ዝበዝሑ ግብረ መልስታት ኣብ እርግ ዝበሉ ሰባት ካብ ኣብ ንእስ ዝበሉ ሰባት ቅሩብ ሳሕቲ ይረኣዩ። መልስታት ክታበት ብዝበዝሐ ግዜ ቀሊል ወይ ማእከላዊ ይፍጸሙ ከምኡ'ውን ድሕሪ'ቲ ካልኣይ ክታበት ቅሩብ ዝያዳ ይቕልቀሉ።

### ኣሉታዊ ሳዕቤናት ክታበት ካጋጥሙ ዶ ይኽእሉ?

ጸገም ክታበት ካብቲ ልሙድ ዝብርታዕ ግበረ መልሲ ክታበት እዩ፣ እዚ ሳዕቤን ሽዑ ንጥዕና ናይቲ ዝተኸተበ ሰብ ብዕቱብ ክጎድእ ይኽእል።

ኣብቶም ሰፍሕቲ መርመራታት ሆስፒታል ቅድሚ'ቲ ፍቓድ ድሕሪ ምሃብ Comirnaty® 4 ጉዳያት (ካብ 0.1% ክሳብ 0,01%) ክሩር ልምሰት ገጽ ተራእዩ ኔሩ፣ እዚኦም ኣብ ኩሎም ጉዳያት ድሕሪ ሓደ ክልተ ሰሙናት እናጐደሉ ዝኸዱ እዮም። እዚኦም ልምሰታት ገጽ ምናልባት ምስቲ ክታበት ብመበቁል ዝተኣሳሰሩ እዮም።
ኣብቶም ሰፍሕቲ መርመራታት ሆስፒታል ቅድሚ'ቲ ፍቓድ ድሕሪ ምሃብ ኮቪድ-19 Vaccine Moderna® 4 ጉዳያት ከቢድ ልምሰት ገጽ ተመርሚሮም ኔሮም፣ 1 ጉዳይ ካብዚኦም ኣብ ጉጅለ ቍጽጽር ናይ እቶም ዘይተኸተቡ

ኣጋጢሙ ነይሩ። ኣብ ኩሎም እዚኦም ጉዳያት እቲ ልምሰት ገጽ ድሕሪ ሓደ ክልተ መዓልትታት እናጐደለ ከይዱ እዩ። እዚኦም ናይ ገጽ ልምሰታት ምስቲ መበቈላዊ ክታበት ዝተኣሳሰሩ እንተኾይኖም ብቀጻሊ ይምርመር ኣሎ። ኣብ ሳሕቲ ጉዳያት ናይ ልዕለ-ተኣፋፍነት መልስታት (2 ጉዳያት ሕበጥ ገጽ) ተራእዮም ኔሮም።

ካብ ምጅማር እቲ ክታበት መልሲ ዝለዓለ ተኣፋፍነትናይ ቁጥዐ ኣካልት( ቁልጡፍ ምልክታት ቁጥዐ ኣካል) ኣዝዩ ሳሕቲ ዘጋጥም እዩ ነይሩ። እዚ ድሕሪ እቲ ክታበት ኣብ ሕጽር ዝበለ ግዜ ተቐልቂሉ ከምኡ'ውን ብሓኪም ክሕከም ኔርዎ። ብመሰረት ግና - ከም ኣብ ኩሎም ባእታታት ክታበት - ሳሕቲ ናይ ቁጥዐ ቀጥታዊ መልሲ ክሳብ ስምባደ ወይ ካልኦት ክሳብ ሕጂ ዘይተፈልጡ ጸገማት ምናልባት ክቕልቀሉ ዝኽእሉ እዮም።
ድሕሪ ሓደ ክታበት ምልክታት ካብ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ቀልጢፎም ዝሓልፉ ሓፈሻውያን መልስታት፡ እንድሕር ተቐልቂሎም፣ ናይ ክታበት ሓኪምኩም ውን ናይ ግድን ክ(ት)መኽረኩም እዩ/እያ። ብርቱዓት ጸገማት እንተለው ብቕልጡፍ ኣብ ናይ ሓኪም ሕክምና ኪዱ ብኽብረትኩም።
ክሳዕ ሕጂ ኣብ ጀርመን ቡዙሓት ሚልዮናት ዓቐን ክታበት ናይ mRNA-COVID-19 (ኮቪድ-19) ተዋሂቡ ኣሎ። እቶም ኣቐድም ኣቢሉ ብዝተዋህበ ጸብጻብ መሰረት እቲ ጎድናዊ ሳዕቤን ናይ ክታበት ብትካል ፓዉል ኤርሊች ዝተዋህበ ጸብጻብ ድሕሪ ክታበት ብ mRNA ምውሳድ ዝስዕቡ ግዝያውያን ከምኡውን ሓፈሻውን ናይ ኣካላት ቁጣዐ ምልክታት ኮይኖም፡ ቅድሚ ምፍቃዶም ኣብቲ ሕክምናዊ መርመራ ተወሳኺ ጸብጻብ ቀሪቡሎም እዩ።

ጐድናዊ ሳዕቤናት ዋላ ባዕልኹም ክትሕብሩ ኣማራጺ ኣሎ፥ https://nebenwirkungen.bund.de

**ንመወሰኽታ እዚ መሓበሪ ወረቐት'ዚ እቲ ሓኪም ክታበት ናይ መግለጺ ዝርርብ የቕርበልኩም እዩ።**

ምልክታታት፥

______________________

ክታም ሓኪም

______________________

ክታም ናይቲ ክኽተብ ዘለዎ ሰብ ( )
ወይ እቲ ዝኽተብ ሰብ ፍቓዱ ክህብ ብቕዓት ዘይብሉ ምስ ዝኸውን፡- ክታም ናይቲ ሕጋዊ ወኪል፡ (ኣላዪ፡ ሕጋዊ ወሃብ ክንክን፡ ወይድማ መጉዚት ክታሙ ከንብር ይኽእል)

ትካል Paul-Ehrlich-Institut (PEI) መሕተት ብዛዕባ ተጻዋርነት መባእታታት ክታበት ንምክልኻል ኣንጻር እቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ (SARS-CoV-2) ብናይ SafeVac 2.0 ዝብሃል ሞባይል መተግበሪ የካይድ እዩ። እቲ መጠይቕ ወለንታዊ እዩ።

Google Play App Store

App Store Apple

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮቪድ-19 ከምኡ'ውን ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19 ኣብ ዝስዕብ ትረኽቡ

www.corona-schutzimpfung.de
www.infektionsschutz.de
www.rki.de/covid-19-impfen
www.pei.de/coronavirus

ሕታም 1 ትርጓም 004 (መርገጽ 1 ሚያዝያ 2021)

እዚ መግለጺ ቅጥዒ ብናይ ጀርመን ቀጠልያ መስቀል (Deutsches Grünes Kreuz e.V.) ኣብ ማርቡርግ (Marburg) ብምትሕብባር ኣብ በርሊን (Berlin) ዝርከብ ትካል ሮበርት ኮኽ (Robert-Koch-Institut) ተሰሪሑ ከምኡ'ውን ብመሰል ደራሲ ዝተሓለወ እዩ። እዚ ቅጥዒ ጥራይ ንዘይንግዳዊ ጥቕሚ ዝዝርግሕ እንተኾይኑ ይፍቐድ እዩ፣ ጥራይ ሽዑ ናብ ካልእ ክመሓላለፍ ይፍቐድ። ዝኾነ ምስራሕ ወይ ምቕያር ፍቑድ ኣይኮነን።

in Kooperation mit

ROBERT KOCH INSTITUT

# ሕክምናዊ ታሪኽ ንመከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 (Corona Virus Disease 2019) – ምስ ናይ ክታበት ባእታ mRNA – (Comirnaty® ካብ BioNTech/Pfizer ከምኡውንናይ ኮቪድ-19 ክታበት ሞዴርን® ካብ ሞዴርና)

**1. ንስኹም[1] ኣብዚ ሕጂ ግዜ ከቢድ ዝኾነ ሕማም ምስ ረስኒ ኣለኩም ዶ?፧**

0 እወ 0 ኣይፋል

**2. ጸረ ኮቪድ-19 ዝውሰድ ክታበት ወሲድኩምዶ ነይርኩም? ዶ?**

0 እወ 0 ኣይፋል

እወ እንተኾይኑ መልስኹም መዓስን እንታይ ዓይንነት ክታበትን?_____ዕለት______ዓይነት ክታበት

(ብኽብረትኩም ነቲ ዝተኸተብኩሙሉ ካርድ ኣምጽእዎ ወይድማ ከምዝተኸተብኩም መረጋገጺ ዝኸውን ካልእ ሰነድ ኣቕርቡ።)

**3. ንስኹም[1] ሕዱራት ሕማማት ወይ ድኻም ምክልኻል ሕማም ሰብነት ኣለኩም ዶ?**(ንኣብነት. ብሰንኪ ኬሞቲራፒ ሕክምና፣ ንስርዓተ ምክልኻል ሕማም ሰብነት ዘዳኽም ሕክምና ወይ ብካልኦት መድሓኒታት)

0 እወ 0 ኣይፋል

**4. ንስኹም ኣብ ዝሓለፈ እዋን ብንጹር ብኖቨል ኮሮናቫይረስ (SARS-CoV-2) ተለኺፍኩም ከምዝነበርኩም ተረጋጊጹዶ?** *(ድሕሪ ብ (SARS-CoV-2) ምልካፍኩም፡ እቲ ዝወሃብ ክታበት ካብቲ ዝሓወኹምሉ ወይ ነጸሬታ ዝተገብረሉ ግዜ ካብ 6 ወርሒ ክቕድም የብሉን።)*

0 እወ 0 ኣይፋል

እወ እንተኾይኑ መልስኹም መዓስ?

**5. ንስኹም[1] ቅድሚ ሐዚ ዝፍለጥ ናይ ቁጥዐ ግበረ መልሲ ሰብነት ወይ ኣለርጂ ነሩኩም ድዩ ወይ ብነድሪ ብቑጥዐ ኣካላት ትሰቐዩ ዲኹም?**

0 እወ 0 ኣይፋል

እንድሕር ኣለኩም፣ ኣየኖት

**6. ኣባኹም[1] ኣብ ሕሉፍ ብዝተገብረ ካሊእ ዓይነት ክታበት ናይ ቁጥዐ ኩነታት፣ ልዕል ዝበለ ረስኒ፣ ጉዳያት ምጥፋእ ወነ ወይ ካልኦት ዘይንቡራት ግብረ መልስታት ኣጋጢሞምኹም ዶይፈልጥ ወይ ተመኩሮ ነይሩኩምዶ?**

0 እወ 0 ኣይፋል

**7. ንስኹም[1] ቅድሚ ሐዚ ዝፍለጥ ናይ ቁጥዐ ግበረ መልሲ ሰብነት ወይ ኣለርጂ ነይሩኩም ድዩ?**

0 እወ 0 ኣይፋል

እንድሕር ኣለኩም፣ ኣየኖት

**8. ኣባኹም[1] ኣብ ሕሉፍ ብዝተገብረ ካሊእ ዓይነት ክታበት ናይ ቁጥዐ ኩነታት፣ ልዕል ዝበለ ረስኒ፣ ጉዳያት ምጥፋእ ወነ ወይ ካልኦት ዘይንቡራት ግብረ መልስታት ኣጋጢሞምኹም ዶይፈልጥ ወይ ተመኩሮ ነይሩኩምዶ?**

0 እወ 0 ኣይፋል

እንድሕር ኣለኩም፣ ኣየኖት

**9. ነተን ኣብ ክወልዳሉ ዝኽእላ ዕድመ ዘርከባ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንስኽን[1] ጥንሲ ዶ ኣለክን እዩ ወይ ተጥብዋ ዲኽን?**

0 እወ 0 ኣይፋል

**10. ንስኹም[1] ኣብቶም ዝሓለፉ 14 መዓልትታት ተኸቲብኩም ዶ ኔርኩም፧ ________**

0 እወ 0 ኣይፋል

[1]ምናልባት እዚ በቲ ሕጋዊ ወኪል መልሲ ክወሃበሉ ዝኽእል እዩ

# ውዕል/መግለጺ ስምምዕ ንመከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 (Corona Virus Disease 2019) – ምስ ናይ ክታበት ባእታ mRNA – (Comirnaty® ካብ BioNTech/Pfizer ከምኡውንናይ ኮቪድ-19 ክታበት ሞዴርና® ካብ ሞዴርና)

ስም ናይቲ ክኽተብ ዘለዎ ሰብ (ስም-ስድራ፣ ቀዳማይ-ስም)፥

ዕለት ልደት፦

ኣድራሻ፦

እቲ ክኽተብ ዘለዎ ሰብ ስምምዕ ክህብ ዘይክእል እንተኾይኑ፣ ስምምዕ ምስቲ ክታበት ወይ እብያ ክታበት ብሕጋዊ ወኪል ክፍጸም'ዩ። ኣብ ሸዑ ጉዳይ ኣስማትን ሓበሬታ ርክብን ናይቲ ሕጋዊ ሰብ ወኪል እንተላይ ክሕበር ይግባእ፥

ናይ ስድራ ስም፣ መጸውዒ ስም፦

ቁ. ተሌፎን፦ ኢመይል፦

ትሕዝቶ ናይ'ዚ መግለጺ ሰነድ ሓበሬታ ተረዲኣ ኣለኹ ከምኡ'ውን ሰፊሕ ዝርርብ ምስ ሓኪመይ ክታበት ክካይድ ኣማራጺ ኔሩኒ።

- ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶ የብለይን።
- ምስቲ ዝተመኸረ መባእታ mRNA ዘለዎ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 ተሰማሚዐ ኣለኹ።
- እቲ ክታበት እነጽጎ ኣለኹ።
- ንሕክምናዊ መግለጺ ዝርርብ ብግሉጽ እነጽጎ ኣለኹ።

ምልክታታት፥

ቦታ፣ ዕለት፥

ክታም ናይʼቲ ዝኽተብ ሰብ

ወይ ክእለት ስምምዕ ናይʼቲ ክኽተብ ዘለዎ ሰብ እንተዘየለ፥

ክታም ናይቲ ሕጋዊ ሰብ ወኪል

(ሞግዚ/ት፣ ሕጋዊ ተሓታቲ/ት ክንክን ወይ ኣላይ/ት)

ክታም ናይቲ/ታ ሓኪም

እዚ ናይ ተዝካርን ስምምዕን ቅጥዒ ብናይ ጀርመን ቀጠልያ መስቀል (Deutsches Grünes Kreuz e.V.) ኣብ ማርቡርግ (Marburg) ብምትሕብባር ኣብ በርሊን (Berlin) ዘሎ ትካል ሮበርት-ኮኽ (Robert-Koch-Institut) ተሰሪሑ ከምኡ'ውን ብመሰል ደራሲ ዝተሓለወ እዩ። እዚ ቅጥዒ ጥራይ ንዘይንግዳዊ ጥቕሚ ዝዝርግሕ እንተኾይኑ ይፍቐድ እዩ፣ ጥራይ ሽዑ ናብ ካልእ ክመሓላለፍ ይፍቐድ። ዝኾነ ምስራሕ ወይ ምቕያር ፍቑድ ኣይኮነን።

ኣሰናዲ ቀጠልያ መስቀል ጀርመን e.V.፣ ማርቡርግ

ብምትሕብባር ምስ Robert-Koch-Institut፣ በርሊን

ሕታም 001 ትርጓም 004 (መርገጽ 1 ሚያዝያ 2021)